# ብቕዓትካ ክእለትካን ኣለሊ

ኣብ ዝኾነ ዓይነት ሞያ ተመኩሮ ኣሎካ'ዶ፡ ነዚ ሞያኻ ኣብ ሽወደን ከመይ ጌርካ ክትጥቀመሉ ከም እትኽእል'ኳ ክትፈልጥ ትደሊ'ዶ?

ባዕልኻ ነብሰ ግምገማ ብምግባር፡ ነቲ ተደልዩ ዘሎ ሞያ ዝኸውን ሓፈሻዊ ሓበሬታ ክትወስድ ትኽእል ኢኻ።

ብምትሕብባር ዕዳጋ ዕዮ ሽወደን ዝእንገድ ፎርም መሊእካ ነብሰ ገምገማ ከተካይድ ትኽእል ኢኻ። መልስታት እቲ ፎርም ንዓኻ ንክህግዝ ተባሂሉ እዩ ተዳልዩ፡ እተን ናይ ነብሰ ገምገማ ሕቶታት ድማ ምስቲ ዘስርሓካ ኣካል ኣብ ትራኽበሉ እዋን ክትጥቀመለን ትኽእል ኢኻ። ኣትህቦም መልስታት ንኣገልግሎት ወሃብቲ ስራሕን ንዓኻን ኣብቲ ልክዕ ዝኾነ ኣገልግሎት ወሃቢ ስራሕ ንኽትኣቱ ስሉጥ ቀሊልን ዝኾነ መንገዲ ይፈጥር። ዘሎካ ክእለት ብቕዓት ሞያ ኣብ ሽወደን ከመይ ጌርካ ከም እትጥቀመሉ ገለ ሓገዛት የድልየካ ይኸውን ወይ ውን ሓበሬታታት ኣብ ካብን ናብን ስራሕ ምስግጋር፡ትምህርትኻ ብግቡእ ኣብ ምዝዛም፡ ተመክሮ ስራሕ ኣብ ምጥራይ ወይ ውን ተቐባልነት ኣብ ምርካብ።

ነብሰ ገምገማ ሕቶታት ካብ ዝተፈላለዩ ሞያውያን ሽወደን ኣብ ዝቅረብዮ ተሞርኪሱ ዝተዋጻአ እዩ። እትህቦም መልስታት ኣብ ሞያኻ ዘሎካ ተሞኩሮን ኣፍልጦን ዝተመርኮሰ እዩ።

ኩሉ ዘሎካ ፍልጠትን ተሞኩሮን ኣብ ግምት ዝኣተወ እዩ። ናይ ገዛእ ርእስኻ ተወዳዳርነት ገምጋሚ ባዕልኻ ኢኻ።

እዚ ስዒቡ ዝቐርብ ነብሰ ግምገማ ኣብ ህንጻን/ስርሓት ኣባይቲ ዘሎካ ብቕዓት ዘጠቓልል እዩ።

ንዘሎካ ብቕዓትን ተሞኩሮን በቲ ተዋሂቡ ዘሎ መለከዒ ደረጃታት ሃቦ። እዚ ብምግባርካ ካብ ኣገልግሎት ወሃብቲ ዕዩ እቲ ዝበለጸ ምትሕብባር ክትረክብ ከም ትኽእል የረጋግጸልካ።

## ዘሎካ ብቕዓት በዞም ዝስዕቡ ደረጃ መለክዒታት ከተለሊ ትኽእል፡

### 1: ተሞክሮ ዝበሃል የብለይን

- እዚ ማለት ክልሰ ሓሳባዊ ዝኾነ ፍልጠት ክህልወካ ይኽእል፣ እንተኾነ ግን ዝኾነ ግብራዊ ተሞክሮ የብልካን

### 2: ቁሩብ ተሞኩሮ ኣሎኒ

- ኣብ ናይ ልምምድ ግዜኻ ንምፍታን ዝኸውን ኣጋጣሚታት ኔሩካ

### 3: ደሓን ዝኾነ ተሞኩሮ ኣሎኒ

- ናይ ሓደ ዓመት ተምኪሮኻ ዝምልከት ናይ ኣስራሒኻ መወከስን ምስክር ወረቐትን ኣሎካ

### 4: ጽቡቕ ተሞኩሮ ኣሎኒ

- ናይ ነዊሕ ዓመታት ግብራዊ ተሙኩሮ ኣሎኒ፡ ብተወሳኺ ውን ብውልቀይ ብዘይ ዝኾነ ይኹን ሓገዛት ስርሐይ ክጅምር ይኽእ

### 5: ኣዝዩ ልዑል ብቕዓት ኣሎኒ

- ኣብ ናይ ስራሕ ቦታ ብቐጥታ ተመዲብካ ከም ኣማኻሪ፡ ተቖጻጻሪ፡ ኣማሓዳሪ ወይ ውን ከም እዝዩ ክኢላ ክትቁጻር ኣሎካ

- ስራሓት ናይ ምውህሃድን ምምዕባልን ተሞኩሮ ዘሎካ፡ ከምኡ ውን ናይ ምሕደራ ክእለት ዘሎካ
- ስራሕ ከመይ ጌሩ ከም ዝካየድ ክትረዳዳእ እትኽእልን ንመሳርሕትኻ ድማ ናይ ምትብባዕን ሓቢርካ ናይ ምስራሕ ተሞኩሮ ዘሎካ
- ንዘሎካ ትሕዝቶታት ኣብ ዝተፈላለዩ ፕሮጀክትታት/ጉጅለታት/ስራሓዊ ክፍልታት/መሳርሕታት ብዝግብኦም ከተመቓርሕ ተሞኩሮ ዘሊ

ኣብ ታሕቲ ናይዚ ዝምላእ ፎርም ዝርከብ ነጻ ቦታ ተወሳኺ ሓበሬታታት ብዛዕባ ተሞኪሮኻ ክትህብ ትኽእል ኢኻ። እዚ ማለት ኣብ ሓደ ዝተወሰነ ዓውዲ ተሞኩሮ ክህልወካ ይኽእል ይኸውን፡ እንተኾነ ግን ነታ ናትካ ዓውዲ እትምልከት ሕቶታት ኣብ ናይ ነብሰ ግምገማ ፎርም ከይህሉ ይኽእል ይኸውን።

## ብዘሎካ ፍልጠትን ተሞኩሮን ብትምህርትን ምስክር ወረቐትን ዝተሰነየ ንመወከሲ ከተቕርብ ወይ ከተርኢ ትኽእል'ዶ?

ኣገልግሎት ወሃብቲ ስራሕ ኣብ ምትርጓምን ተቖናልነት ኣብ ምውሃብን ክተሓባበረካ እዩ።

# ፎርም ነብሰ ግምገማ

## ህንጻ/ስራሕ ህንጻ ኣባይቲ

| ንሞያኻ ኣገደስቲ ዝኾኑ ውልቃዊ ባህርያታት | 1-5 (ተሞኩሮ የብለይን – ኣዝዩ ልዑል ብቕዓት ተሞኩሮ ኣሎኒ) | | | | |
|---|---|---|---|---|---|
| 1. ምስ ዓማዊል ጽቡቕ ዝኾነ ናይ ምርድዳእ ክእለት ኣሎኒ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 2. ኣብ ጽንኩር ኩነታት ክሃድእ እኽእል እየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 3. ኣብ ትሕቲ ጸቕጢ ክሰርሕ እኽእል እየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 4. ኣብ ናይ ቦታ ስራሕ ኣከባቢ ብምህላወይ ዝህልወኒ ውጽኢት ይፈልጥን ኣጸቢቐ እርዳእን | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 5. ብሕግታት ቦታ ስራሕ ተማእዚዘ ክኸይድ እኽእል እየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 6. ቦታ ስርሐይ ወትሩ ጽሩይን ጽፉፍን እየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |
| 7. ናጻ ኮይነ ናይ ውልቀይ ውሳኔ ምውሳድ ዝተለማመድኩ እየ | 1 | 2 | 3 | 4 | 5 |

| ብሞያኻ ኣገደስቲ ዝኾኑ ተሞኩሮታትን ብቕዓታትን | 1-5 (ተሞኩሮ የብለይን – ኣዝዩ ልዑል ብቕዓት ተሞኩሮ ኣሎኒ) | |
|---|---|---|
| 1. ኣብ ናይ መሬት ስራሓት ከም መስመራት ቱቦታት ናይ ማይን ርስሓትን ኣብ ምእታው ተሞኩሮ ኣሎኒ | እወ | ኣይኮነን |
| 2. ኣብ ናይ መሬት ስራሓት ከም ምስራሕ ጽርግያ ተሞኩሮ ኣሎኒ | እወ | ኣይኮነን |
| 3. ቅጥራን ኣብ ምልባጥ ከም ኣብነት ጽርግያታት ተሞክሮ ኣሎኒ | እወ | ኣይኮነን |
| 4. ኣብ ናይ መሬት ስራሓት ከም መገዲ ባቡር ምህናጽ ተሞክሮ ኣሎኒ | እወ | ኣይኮነን |
| 5. ኣብ ናይ መሬት ስራሓት ከም ኣብ ቅርጺ መሬት ኣብ ምውጻእ ተሞክሮ ኣሎኒ | እወ | ኣይኮነን |
| 6. ኣብ መንገዲ ኣብ ዝቕመጡ ኣእማንን ወይ ዝተቐርጹ ኣእማን ኣብ ምህናጽ ተሞክሮ ኣሎኒ | እወ | ኣይኮነን |
| 7. ከም ናይ ህንጻ ሰራሒ ኬንካ ኣብ ዝሰራሕካለን ናይ ተሞክሮ ዓመታትካ: | ___________ ዓመታት | |

እንግሊዝኛ

ኣብ ላዕሎ ካብ ዘለዉ ሕቶታት ንተሞክሮኻ ወይ ንናትካ ፍልጠት ዘይውክሉ ሕቶታት ምስ ዘይህልዉ፡ ተወሳኺ ሓበሬታ ባዛዕባ ስራሕካ ክትገልጽ ምስ እትደሊ ፡ ሓሳባትካ ክትገልጽ ብትሕትና ንሓትት፡